# ሓዳስ ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ኤርትራ።




ሓዳስ ኤምባስ ኣመሪካ ኣብ ኤርትራ ኮይና ተመዲባ ዘላ ወይዘሮ ናታሊ ብራውን (Ms. Natalie Brown) መርሓባ ኢልና ንቕበላ። ዕዉት ናይ ስራሕ ቦታ ክኾነላ'ውን ንምነ።  ካብ ኤርትራ ብዙሕ ዘሒብን ፍልጠት ክትቀስምን ነቲ ዝንቡዕ ኣራኣእያ መንግስታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክትመሃርን ቅንዕና መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ክትምስክርን ንትስፎ።

ህዝቢ ዓለም ብፍላይ ከኣ ህዝቢ ኣፍሪቃ ካብኡ ሕልፍ ብዝበለ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ካብ መንግስቲ ኣመሪካ ዝጽበዮ ናይ ሰባት ወይ ሕብሮም ምቕይያር ኣይኮነን፣ እንታይድኣ ሰበስልጣን ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሃገርናን መንግስትናን ዘለዎም ኣሉታዊ ኣቓም ምቕያር እዩ ዝድለ ዘሎ። ኣብ ኤርትራ መን መዲቦም ኣይኮነን፡ ዘገድስ እንታይ ድኣ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዘለዎም ኣሉታዊ (ግጉይ) ኣቓሞም ለዊጦም'ዶ ወይስ ከም ቀደሞም ዝብል ሕቶ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ተመን ዝረኤ ብልሕጺ ተዳህለ ከምዝበሃል እቶም ቕድሚ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ዝተበደቡ ሰበስልጣን ኣመሪካ እንትርፎ ክፍኣት ጽቡቕ ክገብሩ ስለ ዘይተረኽቡ፡ ብዓቢኡ ከኣ መራሒኦም ፕረሲደንት ኦባማ ኣንዳዕዲዑ ኤርትራውያን ኣደታት ምስ ደቅን ካብ ሃገረን ከም ዝስደዳ ንምግባር ዝተዛረቦ ዘረባ ኣብ ኣእሙሮና ኣሎ። እቶም ቅድሚ ሕጂ ዝነበሩ ወከልቲ መንግስቲ ኣመሪካ ኣሉታዊ ግደ ተጻዊቶም እዮም ኢልና ንወ/ናታሊ ምስኦም ክንሰርዓ ኣይንኽእልን ካሳብ ተመሳሳሊ ተግባር ተዘውትር።

ድሕነት ሃገርናን ህዝብናን ልዕሊ ኹሉ ስለ ዘገድሰና ኣጋይሽና በቲ ኩቡር ባህላዊ ልምድና እናተቐበልና ዋልታና ኣብ ቦታኡ ይኹን።

ሰማእታትና ኩሉ ግዜ ይዘከሩ።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።